ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ንናይ ቤት ፅሕፈቱ ግልጋሎት ዝዉዕል ምድብ ሐደ ናይ ሴኖትራክ ዓብይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑት : ምድብ ክልተ ናይ ሎደር ዓባይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑት ካብ ስሩዕ በጀት ብግልፂ ጨረታ ክዕድግን ግልጋሎት ክረክብን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 23, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 8, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 8, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

1 ናይ 2016 ዓም ግብሪ ዝከፈልክምሉን በቲ ዘፈር ስራሕ ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

2 ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ ዘለኩም

3 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

4 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክምሉ ናይ ወርሒ ታሕሳስ ሒሳብ ዘፍለጥክምሉ መረዳእታ ሪፖርት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትእሉ

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ መጋቢት 23 /7/2016 ዓም ከሳብ 7/8/2016 ዓም ሰዓት 11:00 ጥራሕ ዘይምለስ 300 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ከይዲ ስራሕ ትልምን በጀትን ዕደጋ ንብረትን ምምሕዳር ፋይናንስን ቢሮ ቁፅሪ 102 ምዉሳድ ትክእሉ

6 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ንምድብ ሐደ 20000 /ሺስራ ሽሕ ቅርሺ /: ንምድብ ክልተ 20000 /ሺስራ ሽሕ ቅርሺ ብሽም ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ብባንኪ ዝተረጋፀ ቼክ ወይድማ ጥረ ገንዘብ ቅድሚ ጨረታ ምክፈቱ ከትሕዙ አለዎም

7 ሳንዱቅ ጨረታ 8/8/2016 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓሸጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ይከዉን

8 ዝምልእ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን ይግባእ

9 ኣብቲ ዝምልእ ዋጋ ብዝዓብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኮይኑ እቲ ዝምለእ ዋጋ ምስ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝተመለአ ተሓሳቢ ይግብር

10 ሰዓራይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ዝቁፀር ኣብ ዉሽጢ 30 ተከታታሊ መዓልቲ ዝሰዓሮ ንብረት ናብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲግራት ካልኣይ ደብሪ ቁፅሪ 203 ከረክብ ዝክእል

11 ኣብ ሕድሕድ ገፅ እሪ ሰነድ ማሕተም ፊርማን ናይቲ ትካል ክግበረሉ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ብተወሳኪ ተጫራታይ ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ዓሺጉ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ኣታዊ ክገብር አለዎ

13 ካብዚ ወፃኢ ዝኮነ ይኹን ሕቶ ቤት ፅሕፈትና ዘይተኣናግድ ምካኑ ነፍልጥ

14 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙለእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0920761693 / 0914730881

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle